# መሰላትኩም ከም ተኻረይቲ

ሓበሬታ ንተቐበልቲ ገንዘብ ስራሕ ዘይብሎም II ወይ ሓገዝ ድሕንነት

## ኣብ ምኽራይ ክፍለ-ገዛ እንታይ ክተስተውዕሉ ዘለኩም

**ቅድሚ ምፍራምኩም ውዕል ክራይ**

ናይ ግድን እቲ

- ☐ ወርሓዊ ክራይ፣
- ☐ መቐየሪ ክፍሊታት፣
- ☐ ትሕጃ ክራይ ወይ እጃማት ማሕበር ህንጻ

በቲ ዝምልከት ጨንፈር ኣገልግሎት ንክኽፈለልኩም **ብጽሑፍ ክትጠልቡ** ኣለኩም። እዚ "Zusicherung" ዝብሃል **መረጋገጺ/ውሕስነት** ንክሰርሕ ዝስዕብ ኣቕርቡ ብኽብረትኩም:-

- ☐ ገና **ዘይተፈረመ ውዕል ክራይ** ወይ
- ☐ ጭቡጥ ቀረብ ክራይ።

**መቐየሪ ክፍሊታት**

ቅድሚ ምምዳብኩም ቅያር ገዛ ብኽብረትኩም ምስ ዝምልከተኩም ሰራሕተኛ ጉዳይኩም ተዘራረቡ። እቲ ምቕያር ጥራይ **ኣድላይ** እንድሕር ኾይኑ መቐየሪ ክፍሊታት ክኽፈለልኩም እዩ። ንኣብነት ብጥዕናዊ ምኽንያት ኣብ ገዛኹም ክትጸንሑ እንተ ዘይትኽእሉ ኮይንኩም ምቕያር ኣድላይ እዩ ወይ ካብ ናይ ሓዳር መጻምድኹም ወይ ካብ ዓርክኹም እንተተፈሊኹም።

ምቕያር መዓስ ኣድላይ ከምዝኾነ ተወሰኽቲ ምኽንያታት ኣለው። እዚኦም ኣብ ኢንተርነት ኣብ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ክትረኽቡ www.hamburg.de/infoline (Fachanweisungen zu § 22 SGB II und § 35 SGB XII)።

**እቲ ክራይ ክንደይ ክኸውን ከምዝፍቐድ**

እቲ ክራይ ክንደይ ክኸውን ከምዝፍቐድ ካብ መጠን ኣብቲ ገዛ ምሳኹም ብሓንሳብ ዝነብሩ ሰባት እዩ ዝምርኮስ። እቲ ክራይ ብዝለዓለ ክንደይ ክኸብር ከምዝፍቐድ በቶም **ናይ እኹልነት ደረታት** እዩ ዝውሰን። እቲ ዝምልከት ጨንፈር ኣገልግሎት ንክራይኩም ክስከም/ክኸፍል መታን ክኽእል እቲ ክራይ ክፍለ-ገዛኹም ካብኡ ክኸብር የብሉን።

እቶም ናይ እኹልነት ደረታት ኣብ ኢንተርነት ኣብ ትሕቲ ዝስዕብ ክትረኽቡ:- http://t.hh.de/1016372። ኣብ ፍሉያት ኩነታት ናብራ ወይ ኣብ ገሊኦም ክፍሊታት ከተማ ኣብ ልዕሊ እዚኦም ደረታት እኹልነት ተወሰኽቲ ክፍሊታት ክቅመሩ ይከኣሉ። ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ንዓኹም ዝምልከት ጨንፈር ኣገልግሎት ወይ ኣብ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ክትረኽቡ www.hamburg.de/infoline (Fachanweisungen zu § 22 SGB II und § 35 SGB XII)።

**ኣብ ምኽራይ ክፍለ-ገዛ እንታይ ክተስተውዕሉ ዘለኩም**

ኣብ ሓደ ክፍለ-ገዛ ቅድሚ ምውሳንኩም በጺሕኩሞ ክትርእይዎ ኣለኩም። ሽው ዝስዕቡ ኣገደስቲ ነጥብታት ኣስተውዕሉ ኢኹም:-

- ☐ መርገጽ ክፍለ-ገዛ ድሓን ድዩ (ንኣብነት መሕጸቢ መሳርሒታት፣ መሳኩት፣ መናድቕ)፡ ባልዕ ወይ ዱኻ የለውን፧
- ☐ እቲ ኣብ ቀረብ ክራይ ዝተጻሕፈ ሓበሬታ ምስቶም ጭቡጣት ኩነታት ይሰማማዑ ድዮም፧ ኣብነት:- ሓደ ዝተወሃሃደ ክሽነ ኣብ ውዕል ክራይ እንተ ተጻሒፉ፣ ክህሉ ውን ኣለዎ።
- ☐ ሓደ ክልፈ-ገዛ ምስ ካልኦት ሰባት እንተ ትኻፈሉ ኮይንኩም:-
  - ☐ ክንደይ ቦታ ይግብኣኩም፧
  - ☐ እኹል ብሑትነት ኣለኩም ዶ፧
  - ☐ ክሽነን ክፍሊ ባኞን ብብቑዕ ክዝውተሩ ይከኣሉ ዶ፧
- ☐ ቃል ኣብ ቀረብ ክራይ ምስቲ ኣብ ውዕል ክራይ ዘሎ ቃል ተሰማሚዖም ዶ (ንኣብነት ዋጋ ክራይ፣ ስምምዕ ብዛዕባ ወሰኽ ክራይ)፧

Informationsblatt „Ihre Rechte als Mieterin und Mieter“
Herausgeber: Behörde für Arbeit, Soziales, Familie und Integration, Referat für Presse- und Öffentlichkeitsarbeit,
Hamburger Straße 47, 22083 Hamburg
Stand: 02/2019 - TIGRINYA

**ብዝተረፈ እንታይ ክትፈልጡ ዘለኩም፧**

- ⊗ ብመሰረት ክፍሊታት ደላላይ ክትከፍሉ ኣየድልየኩምን።
- ⊗ ተወሰኸቲ ክፍሊታት (ንኣብነት ትሕጃ ክራይ) ጥራይ ድሕሪ መፈጸምታ ውዕል ክትከፍሉ ኣለኩም።

**ዝምልከቱ ጨንፈር ኣገልግሎት ኣየይናይ እዩ፧**
እቲ ገንዘብ ንመነባብሮ ትቕበሉሉ ጨንፈር ኣገልግሎት ተሓታቲ እዩ፣ ማለት ወይ ጨንፈር team.arbeit.hamburg ወይ ፍሉይ ቤትጽሕፈት መሰረታዊ ክፍሊት መነባብሮ ወይ ሶሽያል ማእከል ኣገልግሎት ኣብ ዝምልከተኩም ዞባዊ ቤትጽሕፈት።

## ምስ ናትኩም ኣካራዩት ወይ ኣካራዪ ጸገም ኣለኩም፧

- ☐ ጸብጻብ ካልኣዊ ክፍሊታት ግጉይ ወይ በዚሑ ከምዝኾነ ትግምቱ ዶ፧
- ☐ ዋጋ ክራይኩም (ድሕሪ ምሕዳስ) ክውስኽ ተመዲቡ፧
- ☐ እቲ ክራይ ነቲ መርገጽ ክፍለ-ገዛኹም በዚሑ ከምዝኾነ ይስምዓኩም ዶ፧
- ☐ ናትኩም ኣካራዪ ወይ ኣካራዩት ኩነትኩም ከምዝብለጸልኩም ይስምዓኩም ዶ፧
- ☐ ክልፈ-ገዛኹም ካብቲ ኣብ ውዕል ክራይ ዝተጻሕፈ ኣመና ኒኢሱ ድዩ፧
- ☐ ኣብ ክፍለ-ገዛኹም ብዙሕ ጉድለት ከም ንኣብነት ዱኻ ወይ ትርኩሳት መናድቕ ኣለኩም፧
- ☐ ሕጋውነት ናይ ገሊኦም ጠለባት ኣካራዩትኩም ወይ ኣካሪኹም ትጠራጠርዎ፧

ሽዑ ንዝምልከተኩም ጨንፈር ኣገልግሎት ሓብርዎ። **ጸገማት ምስ ኣካሪኹም እንተ ሃልዮም ክንሕግዘኩም ኢና።** ዕቱባት ጉድለታት ወይ ዓበይቲ ጐደሎታት እንተ ሃልዮም እቲ ዝምልከት ጨንፈር ኣገልግሎት ን1 ዓመት ናይ ኣባልነትኩም ክፍሊታት ኣብ ማሕበር ተኻረይቲ ክሽፍሉልኩም እዮም። ናይ ምቕባል/ ምስካም ክፍሊታት መግለጺ ክወሃበኩም እዩ፣ እዚ መግለጺ ሽዑ ኣብቲ ማሕበር ተኻረይቲ ክተቕርቡ ኢኹም። ኣየናይ ማሕበር ተኻረይቲ ክሕግዘኩም ከምዘለዎ ባዕልኹም ክትመርጹ ትኽእሉ።

**ዝስዕቡ ናይ ከተማ ሃምቡርግ ማሕበራት ተኻረይቲ ክሕግዙኹም፦**

**Interessenverband Mieterschutz e.V.**
Fuhlsbüttler Straße 108
22305 Hamburg

ተሌፎን፦ 040/690 74 73
ኢመይል፦ hamburg@iv-mieterschutz.de
ኢንተርነት፥ www.iv-mieterschutz.de

**Mieter helfen Mietern e.V.**

Bartelsstraße 30
20357 Hamburg

ተሌፎን፦ 040/431 39 40
ኢመይል፦ info@mhmhamburg.de
ኢንተርነት፥ www.mhmhamburg.de

**Mieterverein zu Hamburg von 1890 r.V. im Deutschen Mieterbund**
Beim Strohhause 20
20097 Hamburg

ተሌፎን፦ 040/8 79 79-0
ኢመይል፦ info@mietervereinhamburg.de
ኢንተርነት፥ www.mieterverein-hamburg.de

Informationsblatt „Ihre Rechte als Mieterin und Mieter“
Herausgeber: Behörde für Arbeit, Soziales, Familie und Integration, Referat für Presse- und Öffentlichkeitsarbeit,
Hamburger Straße 47, 22083 Hamburg
Stand: 02/2019 - TIGRINYA